# ኣብዓድስ ብጓሂ ተኸኸ
# ብደገ ናይ ዘምፉውሰትከ?

Tesfamariam Wel.
25/ 05/ 2018
Norway

ከይፈለጥክን ጋሻ ውሕጅ ወሲዱክን
ኣብቅነ በዓል ናጽነት ላዕልን ታሕትን
ምስ ተረፍ ሚረፍ ዓያሹን ለኽባጣትን
ናፈለጡዕረ ዝወሓጡዉሽጦምሕዙን

ብህዝቢ ዝጸወት ተካል ቁራጽ ሰይጣን
ንኤርትራዊያን ከጽንት ዝዓቶሮ ስለጣን
ኣኺሉ ኣብቂዑ ኣብ ደገን ኣብ ውሽጥን
ዱኳናቶም ኣብ ወጻኢ ከሲረን ተዓጼን
ዋጦቶም ሓሜኖም ኩለን ጬውሲኢነን

ኣብ ኤውሮጳ ሪኢና ሰሚዕና በዓል ነጻነት
ህግደፍ ጸሚዱዎም ኣትዮም ኣብ ድኽነት
ጉዶም ፈሊጦምዎም ድሕሪ ብዙሕ ዓመት
ደጊም ቀልዲ የለን ብበዓል መን ክትጸወት

ዝነበሩ ውሑዳት እርይራይ ዘይረብሑ
ጸሚዱዎም ሰኺሮም ዝሙጁ ከጋውሑ
ጉዳዩ ዘይዓጅቦም ክስኽሩ ንክራግሑ
ጌና ኣይተዳሎዉን ቁምነገር ንክሰርሑ

ህግደፋዊ ቅበጽ ህግድፍ ኣይትሕለም
ይኣክል ተቓሊዕኩም ኩሉ ኪዒቡኩም
ሓዘን ኣትይዋ ዳስኩም ተኸዲና ጸላም
ዘጣቕዕ ተሳኢኑ ኮይና ቤተ ሕልምልም
ቁሩብ ተሪፉ ህ.ግ.ክትካረጅ ካብ ዓለም

እምበዛ ኣይበዝሐን ዶ ብህዝቢ ምጽዋት
ሞርገ ምበጺሑኩም ሞርገ ምናይኑጹሃት
ንውድቀት ንጥሜት እናበልኩም ዓውት
ብምትላል ሓሊፉ (27) ሸውዓተን ዓመት

ኮነሉ ብብድዐ ብትዕቢት ንህዘቢ ዝጸወት
ንዘይተግብሮ ዓመት ዓመት ሙብጽዓታት
ሓቂ ኻኣዩ ዓያሹ ረኺቡ ሃላያት ደናቁራት
ምዕባለ ዘይፈልጡ ብዘይካ ጸበባ ዕንወት

ህዝብና እናተረማሰ ብሕማምብጥሜት
ወጻኢ ኮንካ አሽካዕላል ጽቡቓሎማለት
ሕልና ኣልቦ ጨክናት ሩጉማት ፍጥረት
ትኸዱ ኣለኹም ማርሻንደትሮ ንድሕሪት

ግናይ ተግባር ዝጠሞ ህዝብኻ ምርሳዕ
ከመይ ይገብረልካ ተሓጕስካ ክትስዕስዕ
ወይ ስደት ንዓሻ ገነት. ንለባምተቖጥዕ
ዝተሓጎሰ የለን ብዘይካ ናይ ህግ.ዝራብዕ

ደርፈ ሰሚዑ ሰብእንተኸዶምንክጻወት
ምስኦምዘሎ ይማስሎምንዓያሹ ንሃላያት
ህግደፍ ሽሕ ግዜ ኣኸባ ጉባኤባ ተጸወዐት
ሰማዲብላን ኩላ ዓጢቓያ ኣብጎኒ ውዱዓት

ድሓን ኩኒ ህግደፍ ኣብቀብርኺ የራኽበና
ናዓና ጅል ከተታልሊ ተበልኪ ኣለና ኣለና
ኣብ ሜዳ ብቦ ከምዝለኺ ቀዲምና ፈሊጥና
ብሙብጽዓ ጥራይ ዘቕቢቦ ምዓያሹሕዋትና
ኣብ ውሽጡምዋላ ሓደ ለባምሰብ ተሳኢና

27.ተን ዓመት ሃህሂሉ ተጸብዩ ርብዒ ዘመን
ዝብላዕ ዝስተ ነ ይረአና ብዘይካ ሜሪር ሓዘን
ንተበለጽትን ንዓያሹን ግን ታሕጓስእዩ ሓበን
ክወግሕ ድዩ ዚኦምከለዉጸዋዕቲ ኣርማገዶን

ለባምህደምሕማምኢቦላ ህግደፍ ከይለግበካ
ተረኺባ ኮላ ሜድሃኒታ ተዓወት ከይተምጨልጠካ
ብሓሶት ዘይረብሑሰባት ኣይትድፎኖ ሓንጎልካ
ተንቀሳቐስ ተንስእ ካልእ ዝብሎየለን ዎ.ዳሓንካ
ዝኽረ ሰማእታትና ዘየኽብር
ኣብቁሉውላውዩ ዝነብር
ኤረና ኩሑሎሎምዝመን ሓዲኡሎ